# ዒራቕ፡ ገና ዝቕጽል ዘሎ

## ሓድግታት ወራር

ኣመሪካ ብ1 መጋቢት 2003 - ቅድሚ 20 ዓመታት - ኣብ ልዕሊ ዒራቕ ወራር ከተበግስ ከላ፡ እቲ ቀንዲ ደራኺ ምኽንያት፡ "ህላወ ኣጽናቲ ኣጽዋር" ዝብል "ስለያዊ ሓበሬታ" እዩ ነይሩ። እቲ ኣብ ባይቶ ጸጥታ ብብልቃጥ ብዝቐረበ "መርኣያ" ዝተደገፈ ክሲ ድማ፡ ብብዙሓት ተኣሚኑ'ዩ። ድሒሩ ግን፡ እቲ "ስለያዊ ሓበሬታ" ግጉይ ምንባሩ፡ ባዕሎም ሰበ-ስልጣን ኣመሪካ ተኣሚኖም። ብ24 ጥሪ 2004፡ "We were almost all wrong." ኢሎም። ሰበ-ስልጣን ኣመሪካ እቲ ውሳነ "ጌጋ" ኢሎም ይናስሕሉ እምበር፡ ነቲ ቀንዲ ወራር ዝጀመሩሉ ተልእኾኦም ግና ቀጺሎምዎ'ዮም። ነገሩ፡ "ክትበልዓ ዝደለኻ ኣባጉምባሕሲ. . ." እዩ ነይሩ።

ዛጊት ድማ 5 ትሪልዮን ዶላር ዝግመት ጸጋታት ነዳዲ ካብ ዒራቕ ከምዝዘመቱ፡ ብምኽንያት መበል 20 ዓመት ዝኸሪ ወራር ዒራቕ ዝወጹ ዘለዉ ጸብጻባት የነጽሩ። ልክዕ ድሕሪ ክልተ-ወርሒ ኣዋጅ ወራር፡ ብ1 ግንቦት 2003፡ ፕረዚደንት ጆርጅ ቡሽ "እቲ ተልእኾ፡ ሸቶኡ ወቒዑ'ዩ" (Mission Accomplished) ክብል ብወግዒ ገሊጹ። እንተኾነ፡ እቲ ወራር ክሳብ 2011 ቀጺሉ። ጸጥታዊ፡ ትሕተ-ቅርጻዊ፡ ኣከባቢያዊ፡ ቍጠባዊ፡ ጥዕናዊ፡ ማሕበራዊን ባህላዊን ሳዕቤናቱ ድማ ገና ይቕጽል ኣሎ። እቲ "ደሞክራሲ ክነግዝሞ" ዝተባህለ ህዝቢ ዒራቕ ከኣ፡ ከቢድ ዋጋ ይኸፍል ኣሎ። ኣመሪካ ኣብ'ተን ቀዳሞት 48 ሰዓታት ናይ'ቲ ወራር፡ 800 ክሩዝ ሚሳይላት ኣብ ልዕሊ ዒራቕ ኣዝኒባ። እዚ፡ ዕጽፊ ናይ'ቲ ኣብ ኲናት ወሽመጥ 1990/1991 ዝተኾሰቶ'ዩ። ኣብ መንጎ 2002 - 2005 ጥራይ፡ ሰራዊት ኣመሪካ ኣብ ዒራቕ 6 ቢልዮን ጠያይት ሻሒሹ። ህይወት ኣስታት 300,000 በርጌስ ዒራቓውያን ድማ ተቐዚፉ። መጠን ዝተተኰሰ ጠያይት ብመጠን ዝሞቱ ሰባት ክነጻጸር ከሎ፡ 20,000 ጥያይት ንሓደ ሰብ ከምዝኾነ፡ መጽናዕቲታት የነጽሩ።

እዚ ዝተተኰሰ ሚሳይላትን ጠያይትን፡ ርሳስ (lead)፡ ባዜቃ (mercury) ን ዩራንዩምን ዝኣመሰሉ መርዛማት ባእታታት ዝተወሰኾ ምስ ምኳኑ፡ ንኣየር፡ መሬትን ማይን ዒራቕ ምሕር በኪልዎ'ዩ። ሰላሕታዊ ጥዕናዊ ሳዕቤናቱ ከኣ፡ ኣብ ዝውለዱ ዕሸላት ጕሊሑ ይርኣ'ሎ። ብመሰረት ወግዓውያን ጸብጻባት መንግስቲ ዒራቕ፡ ኣብ 1991 ኣስታት 40 ካብ 100,000 ሰባት ዝነበረ ተርእዮ መንሽሮ፡ ኣብ 2005 ናብ 1,600 ካብ 100,000 ደዪቡ። 40 ዕጽፊ ምኳኑ'ዩ። ተርእዮ ሕንዳለ (deformity) ዕሸላት'ውን እቲ ካልእ ዘሕዝን ሳዕቤን'ዩ። ኣብ'ታ ሰራዊት ኣመሪካ ካብ 2004 ክሳብ 2008 ቀጻሊ ወተሃደራዊ

ስርሒታት ዘካየደላ ከተማ ፋሉጃ ጥራይ፡ ብሰንኪ ጸርጊ ናይቶም መርዛማት ባእታታት፡ 15% ናይ ዝውለዱ ዘለዉ ዕሸላት፡ ኣካላውን ኣእምሮኣውን ጸገማት ዘለዎም - ምጽጉዓት'ዮም። እዚ፡ 14 ዕጽፊ ናይ'ቲ ኣብ ሂሮሺማን ናጋሳኪን - ጃፓን ዝተኸስተ መጠን'ዩ። ተርእዮ መንሽሮ'ውን፡ ድሕሪ 2004 ብ12 ዕጽፊ ወሲኹ፡ ገና ከኣ ይቕጽል ኣሎ። እዚ፡ ጫፍ ናይ'ቲ እምባ በረድ'ዩ። ኣመሪካ ብዝተፈላለየ ምስምሳት - ሓንሳብ ብሽፋን "ምስፋን ደሞክራሲ"፡ ካልእ እዋን ብጉልባብ "ሰብኣዊ መሰላት"፡ ጸኒሓ ድማ ብ"ምቅላስ ግብረ-ሽበራ"ን ካልእን ኣብ ሓያሎ ሃገራት ዝገበረቶን ትቕጽሎ ዘላን ወተሃደራዊ ምትእትታዋትን ቅሉዕ ወራራትን ሳዕቤናቱን ጸዊኻን ጽሒፍካን ዝውዳእ ኣይኮነን። ኣብ ኣፍጋኒስታን (2001)፡ ሊብያ (2011)፡ ሶርያ (2011) ዝፈጸመቶን ገና ዝቕጽል ዘሎን ሓልኪታቱን፡ ባዕሉ ኣፍ ኣውጺኡ ዝዛረብ ዘሎ'ዩ።

ቦርድ ክፍሊ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ

30 መጋቢት 2023